# ብኢንተርነት ብውሕስነት ምግዛእ

Region Östergötland

# ሓያሎ መሰረታውያን ሕግታት

- ቁጽሪ ባንኪ ሕሳብካ ኣብ ዝኾነ ቦታ ካብ ምግዳፍ ተቖጠብ
- ካብ ዘይውሑስ ውልቀ ሰብ ወይ ትካል
- ካብ ምግዛእ ምቁጣብ ቅድሚ ምርግጋጽካ
- ካብ ሓደ ዘጠራጥር ዘይምግዛእ
- ውልቃዊ ሓበሬታኻን ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ባንክ ካርድኻን ብጃካ ንእትኣምኖ ትካልን 100% ዘይትጣራጠረሉ ውልቀሰብን ዘይምግዳፍ
- ብፍላይ ብዝሒ ዝበለ ገንዘብ ወይ ብክቡር እትገዝኦ ንብረት ዝያዳ ምጥንቓቕ የድሊ
- ገንዘብካ ቅድሚ ምቕባልካ ካብ ምስዳድ ንብረትን ፣ ንብረትካ ቅድሚ ምሓዝካ ካብ ምኽፋልን ገንዘብን ክትቁጠብ ኣለካ፡ ወይ ውን ብውሑስ መንገዲ ክትፍጽሞ ይግባእ

# ካብ ናይ ኢንተርነት ትካላይ ኣብ ምግዛእ

እቲ ትካል ፍሉጥን ዓብን ምስ ዝኸውን ብዙሕ ዘጠራጥር የብልካን፡
እቲ ትካል ኣብ ኣገልግሎት ሸቕጥ ብኢንተርነት ምልክት ዝጥቐም እንተደኣ ኾይኑ ድማ ዝያ...

ነቲ ትካል ዘይትፈልጦ እንተደኣ ኾንካ ምስ ህዝቢ ዝራኸቡሉ መስመራት ኣቐዲምካ ክትዕዘቦ ይግባእ. ተለፎን ብምድዋል ወይ መልእኽቲ ብኢ-መይል ብምስዳት ክትፍትኖ ኣሎካ፡ ዝኾነ መልሲ እንተዘይተቐቢልካ ወይ ዝምልሰልካ እንተዘየሎ ምምልካት ወይ ምግዛእ ንብረት ከተቛርጾ ይግባእ፡ ኣብ ጎጉል (Google) ስም ናይቲ ትካል ብምጽሓፍ ውን ሓበሬታ ከተናዶ ትኽእል ኢኻ ሓበሬታ ብዛዕባ ትካል ብዕቱብ እንተዘየመጸ ኤካ ኣጣራጣሪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ ኣብ መርበብ

እቲ ትካል ንእትገዝኦ ንብረት ኣብ ኢድካ ከይበጽሐ ኣቐዲምካ ክትከፍል ዝግድድ እንተኾይኑ ዝያዳ ጥንቓቐ የድሊ፡ ኣብ

ሓንቲ ካብ ናይ ኢንተርነት ትካላት ኣብ ምግዛእ ጥራሕ እትጥቐመላ ናይ ባንኪ ሕሳብ ምውጻእ ዝበለጸ ኢዩ, ግን ከኣ ምስ ኣገልግሎት ባንክኻ ዝተተሓሓዘ ክኸውን ይግባእ፡ ንኣብነት ብቪሳ ካርድ ዝረጋገጽ!
ክረዲትኩርት ወይ ብዕዳ ናይ ምግዛእ ዘኽእለካ ክካርድ ምጥቃም እቲ ዝበለጸ ኢዩ፡ እተን ብዕዳ ንኽትገዝእ ዘፍቕዳልካ

እቲ ትካል ብመገዲ *klarna, paypal ከምኡ ውን payson* ክትከፍል ዘፍቅደልካ እንተደኣ ኮይኑ ዝያዳ ዕቑብ ኢዩ፡
ቪሳካርድ ወይ ውን ማስተር ካርድ ትጥቀም እንተደኣ ኮንካ ካብ ትካላት ቪሳ ወይ ማስተር ካርዲ ዘፍቅዳ ትጥቀም ኣለኻ ማለት ኢዩ. ናይ ውሕስነት ኮድ ትጥቀም እንተደኣ ኮንካ ድማ ዝያዳ ውሑስ ኢዩ፡

ኣብ መብዛሕትኦን ባንክታት(ስዊድባንክ እትርከበን) ምስ ናይ ባንኪ ካርድኻ ምትእስሳር ዘለዎ ኢ-ኩርት ግን ከኣ ቑጽሪ ካርድኻ ዘይሕብር ወይ ዘየርኢ ክህባኻ ይኽእላ እየን፡

ብመገዲ ኢንተርነት ክትገዝእ ከለኻ ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ኣድራሻኻ እትመልኣሉ ቦታ https እንተሎ ከምኡ ውን ናይ መፍትሕ

ቁጽሪ ባንኪ ካርድኻ ፣ ካርድኻ ዝወድቐሉ ዕለት ፣ ከምኡ ውን ኮድ-ሲቪቪ (CVV-koden ) ኣብ እትሕተተሉ ግዜ ዝያዳ ጥንቓቐ ክህልወካ ይግባእ፡ ዘጠራጥር ኮይኑ እንተደኣ ተሰሚዑካ ግን ከኣ ክትገዝእ ድልየት እንተደኣ ኣሎካ ቅብሊት ወይ ፋክቱራ ብምስዳድ ክገብሩልካ ሕተቶም፡

- ብ...
- እቲ...
- ብቕ...
- ብቕ...
- ኢ-...
- ኮድ...
- ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ እትገድፈሉ ግዜ ዝያዳ ምጥንቓቕ የድልየካ

# ምኽሪ ወይ ሓበሬታ ካብ ውልቀሰባት ኣብ እትገዝኣሉ ግዜ

- ኣብ ውዕውዕ ወይ ምልክታ ንዝረኣኻዮ ንብረት ሓቐኛ ጽሑፍ ወይ ጽቡቕ ምኳኑ ዝያዳ ክእምኑኻ ንዝፍትኑ ምጥንቓቕ ይግባእ

- ሽያጢ ንእትገዝኦ ንብረት ኪትዕዘብን ከተወዳድርን ዕድል ዘይህብ ወይ ዝህውኽካ እንተኾይኑ ንያዳ ቆላሕታ ክትገብረሉ ይግባእ

- ኣቕዲምካ ካብ ምኽፋልን ገንዘብካ ከይሓዝካ ንብረት ካብ ምስዳድን ተቖጠብ

- ሓደ ውሑስ ናይ ምኽፋል ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ብምጥቃም ክልቲኦም ወገናት ውሕስነት ክህልዎም ይኽእል፡
  - ንኣብነት ንሽያጥን ገዛኢን ናይ ምኽፋል ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ምጥቃም, ሓደ ካብዞም ውሑሳት ትካላት ቡስጉድስ (Bussgods) ወይ ድማ Internetgirot.se ምስ ማዕከን መርበብ ሓበሪታ ሓራጅ (ብሎኬት) ተሰማሚዑ ዝሰርሕ ትካል ክትጥቐም ትኽእል፡ እዞም ዝተጠቅሱ ወሃብቲ ናይ ምኽፋል ኣገልግሎት ዳርጋ ተዛማዲ ውሕስነት ኣለዎም ከም በዓል paypal.com, payson.se ከምኡ ውን klarna.se.

- ነገራት ቅድሚ ምግዛእካ ብዝከኣለካ መጠን ተዓዘብ
  - ንኣብነት መኪና ኣብ እትገዝኣሉ ግዜ እቲ ዝሸጠልካ ዘሎ ሰብ ናይበሓቂ ወናኒ ዲዩ ወላስ ናይ ለቓሕ ወይ ውን ካልእ ኣረጋግጽ፡ ከምኡ ውን እቲ ዘሎ ሓበሬታ ናይታ መኪና ናብ ኣገልግሎት መጎዓዝያ ደዊልካ ከተረጋግጽ ይግባእ፡

# ብኢንተርነት ብውሕስነት ምግዛእ

**ብባንኪ ካርድ ፣ መኽፈሊ ካርድ ፣ ከምኡ ውን ብክረዲትካርድ ብኢንተርነት ንምግዛእ ምስ ኮድ ወይ ስውር ምስጢራዊ ቁጽሪ ዝኸፈት ቪሳ/ማስተርካርድ ምትእስሳር ክህልወካ ኣለዎ, ወይ ውን ኢ-ኩርት ክትጥቀም ኣሎካ፡** ኩሎም ብኢንተርነት ንምግዛእ እትጥቀመሎም ኣገባባት ምስ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዘይተሓሓዝ ወይ ምትእስሳር ዘይብሉ እንተደኣ ኮይኑ ካርድኻ ኣይሕልፈካን ወይ ባንኪካርድኻ ነቲ እትጥቐመሉ ዘለኻ ኣገባብ ክነጽጎ ይኽእል፡ ፍሪያት ኣመሪካን ኤክስፕረስ (American Express) ከምኡ ውን ስወድባንክ ቪሳ ቢዝነስካርድ (Swedbank Visa Business Card) ሽፉን ወይ ሕቡእ ነገር የብሉን፡

### ብቪሳ ወይ ማስተርካርድ ዝዕቐብ ምስጢራዊ ኮድ

ብቪሳ ከምኡ ውን ማስተር ካርድ ዝነጻጸር/ዝረጋገጽ ኮድ ብዘይ ክፍሊት ኢዩ ዝወሃብ፡ እዚ ማለት ድማ ካርድኻ ኣብ ኢንተርነት ክትጥቐመላ ከለኻ ኮድ ብምጥቓም ርጉጽ ወይ ውሑስ ዝኾነ ምንጽጻር ክትገብር እኽእል ኢኻ፡

ብኸምዚ ዝስዕብ ከተተሓሕዞ ትኽእል
ብዛዕባዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ከተንብብ ትኽእል
ብስእሊ መልክዕ ተመልከት (Se demon)



### ኢ-ኩርት(ኢንተርነት ካርድ)

ኢ-ኩርት ሓደ ካብቶም ኣገልግሎት ናይ ስወድባንክ ብኢንተርነት ኮይኑ ዝኾነ ብኢንተርነት ክትገዝእ ከለኻ ምስ ባንክ ካርድኻ ዝተሓሓዝ ግን ከኣ ቁጽሪ ባንኪ ካርድኻ ንኸትሕብር ዘይግድድ ኣገልግሎት ኢዩ፡

ብኸምዚ ኣገባብ ከተተኣሳስሮ ወይ ከተተሓሕዞ ትኽእል
ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ኢ-ኩርት ኣብዚ ጠውቕ

**ማዕረ እቶም ካልኦት ቀሊል ኢዩ**

ምስ ቪሳ/ማስተር ካርድ ዝተተሓሓዘ ኮድ ጌርካ ብኢንተርነት ምግዛእ ከምቶም ካልኦ ቀሊል ኢዩ፡ እቲ ፍልልይ መንነትካ ወይ እንታይነትካ ብኮድ ስለ እተረጋግጽ ኢዩ፡ ከምቲ ካብ ዱኳናት ክትገዝእ ከለኻ እቲ ንቡር ኮድ ናይ ካርድኻ ሃሪምካ እትገዝእ ማለት ኢዩ፡
ብቪሳ ካርድ ዝኣዘዝካዮ ንብረት ኣብ ኢድካ ከይበጽሐ ምስ ዝጠፍእ ፣ ዝኾነ ጌጋ ምስ ዝህልዎ ፣ ወይ ውን ናባኻ ኪመጽእ ከሎ ምስ ዝበላሸ እሞ ብቪሳ ካርድ እንተደኣ ከፊልካዮ ገንዘብካ ክምለሰካ ይኽእል እዩ፡

# ምግዛእን ምሻጥን ካብ

## ብውሕስነት ምግዛእ!

### ክትዝክሮም ዝግበኣካ ነገራት፡

ገንዘብካ ቅድሚ ምቕባልካ ካብ ምስዳድ ንብረትን ፣ ንብረትካ ቅድሚ ምሓዝካ ካብ ምኽፋልን ገንዘብን ክትቑጠብ ኣለካ፡ ኣብክንድኡ ብሎኬትፓኬት (**Blocket paketet)** ወይ ውን ቅጽበታዊ ኣከፋፍላ ሓራጅ (ብሎኬት) **Direktbetalning**! ምጥቃም ይከኣል፡

ንብረት ክትሸይጥ ከለኻ ቁጽሪ ባንኪ ሕሳብካ ክትገድፍ የብልካን፡ ነቲ ናብ ሕሳብካ ገንዘብ ዘሰጋግረልካ መንነቱ ብዘይምርግጋጽካ ገንዘብ ናይ ምምላስ ግዴታ ከጋጥመካ ይኽእል ኢዩ፡

ዝኾነ መለለዪ ቁጽሩ ወይ ቁጽሪ ባንኪ ሕሳቡ ዝገደፈልካ ሰብ ንኽይስረቕ ብጥንቓቐ ክትዕቅቦ ይግባእ

ንእትገዝኦ ንብረት ናይ ዝገዝእሉ ቅብሊት ክህቡኻ ወይ ኣባዚሕካ ክትወስዶ ሕተት፡

**ናይ ገዛኢ ውዕል** ጸሓፍ

## **ብሎኬትፓኬት** (Blocketpaketet)

ብሎኬት ፓኬት ሓደ ሓድሽ ናይ ዝሕረጁ ንብረት ኣከፋፍላ ኣገልግሎት ዝህብን ቲምቢር ደብዳቤ ውን ዝጥርንፍ ኣገልግሎት ኢዩ፡ ሽያጢ ብዘይ ምጥርጣር ገንዘቡ ከይተኸፍለ ንብረት ናብ ገዛኢ ዝልእኽሉን፣ ከምኡ ውን ገዛኢ ብውሕስነት ንብረት ዝገዝኣሉ መንገዲን ኢዩ፡ ምኽንያቱ ዝተኸፍለ ገንዘብ ኣብ ኢድ ሽያጢ ከይበጽሐ ከሎ ንብረቱ ኩቑጻጸረሉ ዝኽእል መንገዲ ስለዝኾነ፡

ሽያጢ ምስቶም ንብረት ዘመላልሱ ትካል ቆጸራ ድሕሪ ምሓዝ ብመገዲ ዲቢ( via DB) ውልቃዊ ፓኮ ይልእኽ እሞ፡ ገዛኢ ኣብቲ ዘለዎ ዓዲ ናብቶም ንብረት ኣብ ምጉዕዓዝ ኣገልግሎት ዝህቡ ትካል ማለት(DB) ብምኻድ ንብረቱ ከፊሉ ክወስዶ ይኽእል፡ 24 ሰዓታት ድማ ክዕዘቦ ወይ ክፍትሾ ዕድል ይወሃቦ፡

ውኣጋ ካብ 99 kr. ይጅምር

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ https://www.blocket.se/blocketpaketet/blocketpaketet.htm

# ምግዛእን ምሻጥን ካብ

## ብሎኬት ፓኬት( Blocket paketet )---ብሽምዚ ኣገባብ ይሰርሕ !



**1.** ገዛኢ ወይ ዓዳጊ ንብረትን ሸያጥን ድሕሪ ምስምምዖም፡ ሸያጢ ናይ ባዕሉ ሓበሬታን ናይ ገዛኢ ሓበሬታን ከምኡ ውን እቲ ገዛኢ ክኸፍሎ ዝተሰማምዕዎ ዋጋን ኣብቲ ዝተዋህቦ ናይ መልኣኺ ቅጥዒ ይመልእ፡



**2.** ቆጸራ ምልኣኽ ንብረት ምስተታሕዘ ወሃብቲ ኣገልግሎት ፖስጣ ንሸያጢ ናይ ስምምዕ ቅጥዒ ይልእኹሉ፡




**3.** ሸያጢ ካብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ቅጥዒ ናይ መልኣኺ ንብረት ትንቢር ዝኸፍለሉ መንገዲ ይለኣኾ እሞ ኣብቲ ዝለኣኽ ንብረት ዝጥቃዕ (ዝለግብ) ቅብሊት ይወሃቦ፡




**4.** ሽእያጢ ናብቲ ዝቐረበ ኣገልግሎት ፖስጣ ንብረት (DB Schenker) ብምኻድ ዝለኣኽ ንብረትን እታ ዝተዋህባ ኣብቲ ንብረት ወይ ባኮ እትለግብ ቲንቢርን ይህቦም፡




**5.** ገዛኢ ንብረት ናብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንብረት (DB Schenker) ብምኻድ ክኸፍሎ ዝግበኦ ድሕሪ ምኽፋል ንብረቱ ይወስድ፡




**6.** ገዛኢ ንብረት ንብረቱ ካብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ድሕሪ ምውሳዱ ኣብ ገዝኡ ብህድኣት ቀስ ኢሉ ዝተቀበሎ ንብረትን እቲ ኣብ ጽሑፍ ዝነበረ ውዕውዕን የነጻጽር ወይ የወዳድር፡ ገዛኢ ንብረት ኣብ ውሽጢ 24 ሰኣታት ድሕሪ ምቑጽጻር ገንዘቡ ናይ ምምላስ ዕድል ኣለዉ፡

# ምግዛእን ምሻጥን ካብ

- **ቅጽበታዊ ቀጥታዊ ኣከፋፍላ--ከምዚ ይመስል**

**ውሑስን ቀሊልን**

- ብመንገዲ ቀጥታዊ ኣከፋፍላ (ዲረክትበታልኒንግ) ንበዓል ንብረት ብቐጥታን ውሑስ መንገድን ምኽፋል ይከኣል--እዚ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሓራጅ blocket.se ዘሎ ውዕውዕ ብቐጥታ ምኽፋል ማለት ኢዩ፡ ዝኸፈልካዩ ንብረት ምስዘይትቕበል መርበብ ሓበሬታ ሓራጅ blocket.se ገንዘብካ ክመልሱልካ ይኽእሉ፡

- ቀጥታዊ ኣከፋፍላ ኣገባብ ገዛኢ ንብረትን ሸያጥን ብመንገዲ ኢንተርነት ባንክ ኣቢሎም መንነቶም ዘረጋግጽሉ መንገዲ ይሃንጽ, ብኡ ኣቢሉ ድማ ንብረትን ገንዘብን ብኣዝዩ ውሑስ መንገዲ ናይ ምልውዋጥ ተኽእሎ ይፈጥር፡ ነቲ ናይ ስምምዕ መንገዲ ወይ ውዕል ሸያጢ ምስ ተቐበሎ ድማ ገዛኢ ናብ ናይ ቁጽሪ ሕሳብ ባንኪ ሸያጢ ይኸፍል፡ ቁጽሪ ሕሳብ ናይ ስዊድባንክ፣ ሰብ(SEB)፣ ከምኡ ውን ሃንደልሰባንከን እንተደኣ ኮይኑ ዝተኸፍለ ገንዘብ ብቐጥታ ይሰጋገር፡ ናብ ኖርድያን እቶም ዝተረፉ ክልኦት ባንካታትን ድማ ንጽባሒቱ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይሰጋገር፡ ቀጥታዊ ኣከፋፍላ ኣገባብ ብኢንተርነት ብሓገዝ ብሎኬት (Blocket) ከምኡ ውን ትራስትሊን( Trustly) ውሑስ ኣገባብ ኣከፋፍላ ኢዩ፡

**ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይትግበር**

- ገዛኢ ናብ ሸያጢ ብምድዋል ዋጋ ንብረትን ናይ ምቕይያር ውዕልን ይለዋወጡ
- ድሕሪ ምስምምዖም ገዛኢ ንብረት ኣብቲ ብቐጥታ ምኽፋል ዝብል ጽሑፍ ድሕሪ ምጥዋቕ፡ ዝተኣዘዞ ሓበሬታ መሊኡ ገንዘብ ይኸፍል፡
- ናብ ሸያጢ ንብረት መልእኽቲ (ኢ-መይል) ይኸዶ፡ እቲ መልእኽቲ ድማ ከምዝኸፈልካ ይሕብር፡ ብምቕጻል ሸያጢ ናብ መርበብ ሓበሬታ ሓራጅ (blocket.se)ከፊቱ ኣብቲ ብቐጥታ ምኽፋል (Direktbetalning) ዝብል ጽሑፍ ኣብቲ ታሕተዋይ ክፋል ናይቲ ገጽ ይጥውቕ እሞ ካብቲ ዝተዋህቦ መልእኽቲ ተወኪሱ ናይ ኣከፋፍላ ኣገባብ ክቕበሎ ወይ ክነጽጎ ይመርጽ፡
- ሸያጢ ንብረት ነቲ ናይ ምኽፋል ውዕል እንተተቐቢሉዎ እቲ ዝኸፈል ገንዘብ ኣበይናይ ቁጽሪ ባንኪ ሕሳብ ክሰጋገር ከምዝለዎ ይሕብር ከምኡ ውን ውሕስነት ሸያጢ ብመንገዲ ኢንተርነት ባንኪ ቅድሚ ግንዘብ ምስግጋሩ የረጋግጽ፡
- ብምቕጻል ሸያጢ ንብረት ብመሰረት ውዕል መሰረት ንብረት ይልእኽ፡
- ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተመልከት https://trustly.com/blocket/about

# ኣብ ግዜ ምግዛእን ምኽፋልን ብመንገዲ ኢንተርነት ክንገብሮም ዝግበኣና ተወሰኽቲ ነገራት

- ካብ ትፈልጦም ወብሳይታት ወይ መርበብ ሓበሬታታት ክትገዝእ ፈትን ወይ ውን እሙናት ሙኻኖም ቅድሚ ነኣኻ ዝምልከት ሓበሬታ ምግዳፍካ ኣረጋግጽ

- ምስቲ ትካል ከራኽበካ ዝኽእል ቁጽሪ ተለፎን ወይ ውን ኢ-ፖስታ ኣድራሻ ብቐዳምነት ሕዝ፡ መራኸቢ ዝኸውን ኣድራሻ ዘይብሉ ወብሳይት ወይ መርበብ ሓበሬታ ከም ሓደ ዘይእመን ወይ ሓደገኛ ምልክት ክትወስዶ ይከኣል፡

- ሓደ ትካል ብሓደ ዓይነት ኣገባብ ኣገፋፍላ ጥራሕ ዝዕድም ወይ ዘፍቅድ እንተደኣ ኮይኑ ቅድሚ ምግዛእካ ዕቱብ ቆላሕታ ወይ ምክትታል ክትገብረሉ ይግባእ. ሓደ እሙን ናይ ኢንተርነት ሸቓጢ ትካል ዝተፈላለዩ ኣገባብ ኣከፋፍላ የፍቅድ ወይ ይዕድም እዩ፡

- ንዝኾነ ብኢንተርነት እትገብሮ ስምምዕ ወይ ውዕል መዘኻኸሪ ዝኾነካ ጽሑፍ ወይ ምልክት ከምኡ ውን ኣድራሻ ናይቲ ትገዝኣሉ ዘለኻ ወብሳይት ከተስፍር ይግባእ፡

- እቲ ብኢ-ፖስጣ ዝመጻካ መልእኽቲ ምስ ናይ ዝኸፈልካሉ ቅዳሕ ብሓባር ኣብ ጽቡቕ ዓቅቦም

- ቅድሚ ዝኾነ ንብረት ምግዛእካ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ትካል ወይ ናይ ኢንተርነት ዱኳን ኣቲኻ ውዕል ናይ ምልኣኽን ምምላስን ንብረትን ብግቡእ ኣንብብ፡

Vart som helst. När som helst.



**600 ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣቕሓ ኣብ ሽወደን**

**ኣቕዲምካ ናይ ምኽፋል ውዕል**

- ኣገልግሎት ቡስጉድስ (Bussgods) ተቐባሊ ንብረት ንብረቱ ቅድሚ ምውሳዱ ናይ መልኣኺ ንብረት ኣቕዲሙ ኽኽፍል ይግድድ

**ብኸምዚ ኣገባብ ይሰርሕ !**

- ግእዛኢ ንብረትን ሸያጥን እቲ ዝለኣኽ ንብረት ናበይ ከምዝኸይድን ናይ መልኣኺ ክፍሊት መንኣም ከምዝኸፍሎን ይሰማምዑ
- ድሕሪ ምስምምዖም ሸያጢ ነቲ ንብረት ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ቡስጉድስ (godsombud) ብምኻድ ንብረት (ዝተዓሸገ ንብረት) ይገድፍ
- ንምልኣኽ(ምስዳድ ንብረት)
- ገዛኢ ንብረት ናብቲ ክሰዱዎ ዝተሰማምዕሉ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ቡስጉድስ ቦታ ብምኻድ ድሕሪ ምኽፋሉ ንብረቱ ይርከብ፡
- ብድሕሪዚ ቡስጉድስ(ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣመላለስቲ ንብረት) ንሸያጢ ንብረት ናብቲ ባዕሉ ዝገደፎ ቁጽሪ ባንኪ ሕሳብ ድሕሪ ከባቢ 10 መዓልቲ ኣቢሉ ዝኸውን ገዛኢ ንብረቱ ምስ ተቐበለ ገንዘቡ የሰጋግሩሉ፡

**ክትሓስበሎም ዝግበኣካ!**

- ምስቲ ኣቕዲሙ ክኽፈል ዝግበኦ ናይ መልኣኺ ንብረት ክኽፈል ዝግበኦ ቀረጽ ኣብ ቅብሊት ይመጻካ
- ተቐባሊ ዘይረኸበ ንብረት ወይ ብተቐባሊ ዘይተጠልበ ምስ ሰዳዲ ድሕሪ ምርድዳእ ድሕሪ 14 መዓልታት ናብ ሰዳዲ ይምለስ
- ዝተላእከ ንብረት ተቐባሊ ቅድሚ ምኽፋሉ ክኽፈት ኣይግባእን
- ሓደ ተቐባሊ ንብረት ካብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንብረት ማለት ቡስጉድስ ገንዘቡ ድሕሪ ምኽፋል ንብረቱ እንተተቐቡሉ፡ ብገለ ኣጋጣሚ ተቐባሊ በቲ ንብረት ምስዘይዓግብ ወይ ውን ጌጋ ምስዝርከብ ተቐባሊ ንብረት ንወሃብቲ ኣገልግሎት ንብረት ቡስጉድስ ገንዘቡ ክመልስሉ ኪሓትት ኣይግባእን
- ተቐባሊ ንብረት ብዝተላእከ ንብረት እንተዘይዓጊቡ ሰዳድን ተቐባሊ ንብረትን ኢዮም ክሰማምዑ ዘለዎም፡ ኣጋጣሚ ንብረት ናብ ሰዳዲ ወይ ለኣኺ ክምለስ እንተተሰማሚዖም ሓድሽ ናይ መልኣኺ ንብረት ምኽፋል የድልዮም፡
- ወሃብቲ ኣገልግሎት ንብረት ወይ ቡስጉድስ ብሰዳዲ ዝተላእከ ንብረት ከምቲ ሰዳድን ተቐባልን ዝተሰማምዕዎ ክኸውን ሓላፍነት ኣይወስድን፡
- ኣብ ጉዕዞ ዝተበላሸወ ወይ ዝተሰብረ ንብረት ፣ ብናይ ጉዕዞ ምሕስነት ክድበስ ከምኡ ውን ስለምንታይ ኣጋጢሙ ክረአ ይከኣል፡

# ንኣገልግሎት ፖስጣ ኣቐዲምካ ብምኽፋል ዝለኣኽ ንብረት

**ንኣገልግሎት ፖስጣ እቲ ዝለኣኽ ንብረት ክይተላእከ ከሎ ኣቐዲምካ**

**ብምኽፋል ዝምልኣኽ ደብዳቤ ወይ ንብረት ውሑስ ኢዩ**

ፖስትፎርስኮት (ወሃብቲ ኣገልግሎት ደብዳቤ/ፖስጣ) ኣብ ምልኣኽ ደብዳቤን ባኮን ክትጥቐመሉ እትኽእል ኣገልግሎት ኢዩ፡ ተቐባሊ ኪኽፍል ከሎ ድማ እቲ ዝኽፈል ገንዘብ ናቲ ዝተዋህበ ቁጽሪ ባንኪ ሕሳብ ይኸይድ፡

**ብኸምዚ ኣገባብ ይካየድ**
ዝለኣኽ ንብረት/ባኮ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ንብረት ዕቑብ ንኸኸውን ብግቡእ ክዕሽግ ይግባእ
ናይ ሰዳድን ተቐባልን ስም ከምኡ ውን ኣድራሻን ክጸሓፍ ይግባእ

ውዕል ስምምዕ ኣገልግሎት ወሃብቲ ፖስጣ ብጽሑፍ ብምውጻእ ዘሎ ብምልኡ ሓበሬታ ክትህብ ይግባእ. እዚ ድማ ብመገዲ ፖስጣ ብዘይ ክፍሊት ብፓክሶፍት ኦንላይን (Pacsoft Online) ወይ ውን ብቐጥታ ምልኣኽ (via Skicka direkt) ኣብዝብል ጽሑፍ ብምጥዋቕ ክትገብሮ ትኽእል፡
ቆጸራ ናይ ምልኣኽን ምስዳድን ንብረት ኣብ ዝቐረበ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ፖስጣ ክትሕዝ ኣሎካ፡

ዝኽፈልካሉ ቅብሊት ምዕቃብ ኣገዳሲ ኢዩ

*ኣገልግሎት ፓክሶፍት ኦንላይን (Pacsoft Online) ንተቐበልቲ ንብረት መልእኽቲ ናይ ሞባይል ማለት (sms-avisering) ይዕድም ኢዩ፡ ኣብቲ ዝመጽእ መልእኽቲ ድማ ጸብጻብ፣ ሓበሬታ ንብረት ካብ ሰዳዲ ድሕሪ ምስዳዱ ኣብ ምቈጽጻር እትጥቀመሉ መንገዲ ኣለዎ፡

# መወከሲ/ምንጪ ጽሑፍ


- http://www.icakuriren.se/Test-Rad/Konsument/e-handel/
- http://www.swedbank.se/privat/kort-och-betalningar/kort/saker-handel-med-kort/handla-sakrare-pa-internet/index.htm
- http://www.ungkonsument.se/Nathandel/Handla-sakert-pa-natet-/
- https://www.paypal.com/se/cgi-bin/webscr?cmd=xpt/Marketing/general/NewConsumerBuy-outside
- http://www.nordea.se/privat/vardagstj%C3%A4nster/kort/handla+med+kort+p%C3%A5+internet/1130192.html
- http://www.visa.se/se/visa_varje_dag/handla_via_internet.aspx
- http://www.pricerunner.se/shopping_hangover.html
- http://www.dn.se/ekonomi/din-ekonomi/dyrt-att-handla-sakert-pa-natet/
- http://www.bussgods.se/pages.asp?PageID=102&MenuID=90
- http://www.blocket.se/security/forskott.htm
- http://www.posten.se/sv/Privat/K%C3%B6p%20och%20s%C3%A4lj%20p%C3%A5%20n%C3%A4tet/Betalt%20vid%20leverans/Sidor/Postforskott.aspx
- http://www.econsumer.gov/english/members/overview.shtm